# ንተመሃሮ ዝምልከት ክፋል

መንእሰያትን ኣልኮላዊ መስተን ስኽራንን ሓሸሽ ምህላኽን ንምክልኻል ዝተወስደ ስጉምቲ ኮይኑ ቆልዑን ኮተቴን ኣብ ኣልኮላዊ መስተ ዘለዎም ኣረኣእያን ባህሪይን የተኩር።

መንእሰያትን ኣልኮላዊ መስተን ናይ ተመሃሮ ኣከባቢ ከም መጀመሪ ነጥቢ ይወስድ። ናይዚ ስጉምቲ ዕላማ ጉጅለ ተመሃሮ፡መምሃራንን ወለድን/መጉዚታትን እዮም።

መንእሰያትን ኣልኮላዊ መስተን ናይ ኢንተርነት ደገፍ ዘለዎ ስጉምቲ እዩ።

ንጥፈታት ተመሃሮ ኣብ ምፍጻም እዚ ስጉምቲ ዓቢ ተራ ይጻወት።

ተመሃሮ ኣብዘን ዝስዕባ ኣርእስታት ይሰርሑ፡-

ኣርእስታት ኣብ መንእሰያትን ኣልኮላዊ መስተን
- ጽልዋ
- ርእይቶታት ብዛዕባ ኣልኮላዊ መስተ
- ምህላኽ ኣልኮላዊ መስተ
- ንምስታይ ዘደፋፍእ ጸቕጢ ምቁጽጻር

ተመሃሮ ከባቢኦም ክምርምሩ ግዜ የሕልፉ፡ ንምስታይ ዘደፋፍእ ጸቕጢ ከመይ ገይሮም ከም ዝቃለሱ ይመያየጡ፡ ተዋስኦ ይሰርሑ ከምኡውን ብዛዕባ ኣልኮላዊ መስተ ዘምጽኦ ጉድኣታት ይመሃሩ። ኣብ ብምልኡ እቲ ምስ ናይ መንእሰያትን ኣልኮላዊ መስተን ዘሕልፍዎ ግዜ ተመሃሮ ኣብ ርእይቶታት ተመሃሮ ይሰርሑ፡ ሰፊሕ ዕማም ኣርእስትን ኣገባብ ኣቀራርባን ባዕሎም ዝመርጹሉ ኣዩ።

ኣብ እቲ መንእሰያትን ኣልኮላዊ መስተን ተበግሶ ዝጠፍእ ግዜ ከከም ከባብያዊ ኩነታት ይፈላለ። ተሞክሮ ቤት ትምህርትታት ኣብ እቲ ንተመሃሮ ዝምልከት ክፋል ካብ 10 ክሳብ 30 ሰዓታት ከምዝወስደለን የርኢ።

# ምትሕብባር ምስ ወለዲ/መጉዚታት

ምስግጋር ካብ ቁልዕነት ናብ መንእሰይ ንቖልዑ ሓደሽቲ ብድሆታት ይፈጥር ከምኡውን ንወለድን መጉዚታትን ሓደሽቲ ጠለባት የቕርብ።

ስኽራን፡ ምትካኽ ትምባኾን ዘይሕጋዊ ሓሸሽን ንምክልኻል ኣብ ዝግበር ጻዕርታት ንኽዕወት ኣብ መንጎ ቤት ትምህርትን ገዛን ጽቡቕ ምትሕብባር ክህሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ኑቲ በዳሂ ሽነኽ ናይ ምዕባይ ቆልዓ ብዝምልከት ብዙሕ ስምምዕ ምስዝህሉ ንቖልዑ ኮነ ንወለዲ/መጉዚታት ቅሳነት ይህብ።

መንእሰያትን ኣልኮላዊ መስተን ምስ ወለድን መጉዚታትን ክልተ ኣኼባታት የዋህድ።

www.ungeogrus.no

ungeogrus.no

## ቀንዲ ዕላማ ናይ መንእሰያትን አልኮላዊ መስተን ተመሃሮ፡

- ብዛዕባ አልኮላዊ መስተ ፍልጠት ከምኡውን ኣብ አጠቓቕምኡ ነቐፌታዊ አተሓሳስባ ክእለትን መታን ከማዕብሉ
- አንጻር ምህላኽ አልኮላዊ መስተ ዘሎ አረኣእያ ንምብርታዕ
- ንአልኮላዊ መስተ አይፋል ናይ ምባል ክእለት ንምጥንኻር
- አልኮላዊ መስተ ዝጅምርሉ ዕድመ ንምንዋሕ

unge&rus

መንእሰያትን አልኮላዊ መስተን ምህላኽ አልኮላዊ መስተን ሓሸሽን ንምክልኻል ዝዓለመ ትምህርታዊ መደብ እዩ። እዚ ተበግሶ ኣብ ሻምናይ ክፍሊ ክወሃብ ድማ ይምከር (14 ዕድመ)

መንእሰያትን አልኮላዊ መስተን ናይ ገዛእ ርእሱ ተኸታታሊ መደብ ንታሽዓይ ክፍሊ ተመሃሮ ኣለዎ (ዕድመ 15)

መንእሰያትን አልኮላዊ መስተን ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ሓበሬታ ንወለዲ/መጉዚታት ኣዳልዩ እዩ

መንእሰያትን አልኮላዊ መስተን ዕላማኡ ተመሃሮ፡ መምሃራንን ወለድን/መጉዚታትን እዮም

Helsedirektoratet

Kompetansesenter rus, Nord-Norge
Rus og spesialpsykiatrisk klinikk, UNN

ሕዳር 2011